## ብምኽንያት መበል 55 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ፡

## ብደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደ.ግ.ሓ.ኤ)፡

## ዝወጸ ውድባዊ መግለጺ፣

### ጀጋኑ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ሎሚ ባሕቲ መስከረም ምውላዕ ሽግ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ ንመበል 55 ዓመት ክንዝክር እንከለና፡ ምዕራፍ ህዝባዊ ቃልስና ከመይ ጀሚሩ ከመይከ ተጓዒዙ፡ እንታይ ውጽኢት'ከ ኣምጺኡ፡ ብሕጽር ዝበለ ክንርእን፡ ካብኡ ናይ ጅግንነትን ሓርበኝነትን ኣወንታዊ ተመክሮ ክንወርስ፣ እቲ ኣብ ድሕረት ተሸኺልካ ንድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማት እናሳወርካ፡ ነንሕድሕድካ ኣብ ምንጽጻግን ምውድዳራትን፡ ሜዳ ኤርትራ መን በሓተ ቅንጻላታትን ኲናት ሕድሕድን፡ ብትምክሕትን ጽበትን ዝተላዕጠጠ ጸረ-ደሞክራስን ሓድነትን ዝኾነ ኣካይዳን ኣሉታዊ ተመክሮታቱ ኣብ ምወጋድ  ክንሕይል ከም ዘለና እናዘኻኸርና ኢና እዛ ታሪኻዊት መዓልቲ እዚኣ ከነብዕላ  ዝህልወና።

እዚ ዓመጻዊ ናይ ቃልሲ ተሞክሮ'ዚ ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ምዕራፍ ኮይኑ፡ እቲ ካልእ ምዕራፍ ካኣ፡ ብውጽኢት እዚ ዝተናወሐ ብረታዊ ሓርበኛዊ ተጋድሎ'ዚ፡ ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ነጻን ልዑላዊትን ዝኾነት ሃገር እኳ እንተተረጋገጸት፡ እዛ ሓዳሽ ወለዶ ሃገር'ዚኣ ኣብ ትሕቲ ዘቤታዊ መግዛእቲ ጸረ ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ምውዳቓን ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ዘይተጸበይዎ ናይ ሓሳረ-መከራ ሂወት ከሕልፉ ዝተገደድሉን፡ መስርሕ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ዕላማታቶም ዝተኾልፈሉን፡ ኣንፈቱ ብሰንጠቕ ናብ ዕንወት ዝተኣትወሉ ጉዕዞ እዩ ተኣትዩ። በዚ ካኣ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ናብ ሓደገኛ ናይ ብርሰትን ምብትታንን ናብ ናይ ውድቀት ታሪኽ ምንቁልቋሉን፡ ነዚ ሓደጋ'ዚ ብትብዓትን ጅግንነትን ከነወግዶን፡ እቲ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ተጋድሎ መስመሩ ከነትሕዞን፡ ሓዳስ ደሞክራስያዊት ሃገር ክንሃንጽን ሕጂ'ውን ከይተሓለልናን ኣላሽ ከይበልናን ብጅግንነትን ተወፋይነትን ክንቃለስን ዳግም ሕድሪ ስውኣት ኣብ መዕርፍኡ ከነብጽሕን መብጽዓ እንኣትወላ ዕለት ኮይና ክትበዓል ከም ዘለዋ ኣስሚርናሉ ከነሕልፎ እዩ ዝግባኣና።

### ተባዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ህዝብታት ኤርትራ ምእንቲ ሰብኣዊ ክብሮምን ሃገራዊ መንነቶምን ከረጋግጹ ክብሉ፡ ንከባቢ 20 ዓመታት ዝኣክል ዘካየድዎ ጅግንነታዊ ሰላማዊ ቃልሲ ኣብ ዘይተዓወተሉ፡ ብኣንጻሩ ገዛእቲ ብዓመጽ ናብ ጐበጣ ኣብ ዝተሰጋገረሉ ህሞት፡ እቲ እንኮ ዝተረፎም ኣማራጺ፡ ብዕጥቃዊ ቃልሲ ሓርነቶም ክጭብጡን ነጻን ልኡላዊትን ሃገሮም ከረጋግጹን ስለ ዝነበረ፡ ኩሉ ሃሞምን ቀልቦምን ከመይ ናብዚ ሓድሽ ተሪኻዊ ምዕራፍ እዚ ይሰጋገር ዝብል እዩ ዝነበረ። በዚ ካኣ ብ01 መስከረም 1961 ብውሑዳት ሓርበኛታት ተቓለስቲ ብመሪሕነት ስዉእ ሓምድ እድሪስ ዓወተ ኣብ ጐቦታት ኣዳል ብረት ኣልዒሎም ናይ ሓርነት ድምጺ ዘበሰሩላ ታሪኻዊ ዕለት ዝኾነት።

እዚ ናይ ሓርነት ድምጺ'ዚ ቀስብቐስ ኣብ መላእ ሃገር ልሒሙ፡ ንባዕዳዊ መግዛእታዊ ሰራዊት እናደምሰሰ መሬትን ህዝብን ሓራ እናውጸአ ዝተጓዕዘሉን ብዙሕ ጅግንነታዊ ቅያ ዝሰርሓሉን ዓበይቲ ዓወታት ዘረጋገጸሉን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ተጋድሎ'ዩ ነይሩ። እዚ ዓቢ ጅግንነታዊ ፍጻሜታት ዝተረጋገጸሉ ሓርበኛዊ ብረታዊ ተጋድሎ ይኹን ዳኣምበር፡ ኣብ ኣበጋግስኡ ንጹር እስትራተጅን ስልትን ብምሕንጻጽን ብቑዕ ኣመራርሓ ብምርካብን ዘይተበገሰ ብምንባሩ፡ ኣብ ጉዕዝኡ ብዙሓት ዕንቅፋታት ኣጋጢምዎ ብዙሕ ሰብኣዊ፡ ንዋታውን ገንዘባውን ሞራላውን ሃሰያታት ገዲፉ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ዕድሚኡ

ከናውሕ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ዝፈጠረሉ እዩ ነይሩ። በዚ ካኣ ሜዳ ኤርትራ መሪሕ ደሞክራስያዊ ውድብ ስኢኑ፡ ተቓለስቲ ውድባቱ ካልኣዊ ጉንጽታቱ ካልኣዊ ቦታ ኣብ ምትሓዝ ተሳኢኑዎ፡ ሕቶ ውሽጣዊ ሓድነት ሓይልታቱ ይኹን ኣብ ምስፋን ፖለቲካዊ-ደሞክራሲ ከዐውት ብዘይምኽኣሉ መጻኢ ሓርነታዊ ዕድል ህዝብታት ኤርትራ ብጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ስርዓት ህግደፍ ተጨውዩ ተራ ሃገራዊ ነጻነት ጥራሕ ክረጋገጽ ኮይኑ።

## ጀጋኑ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ህዝብታት ኤርትራ ኣብቲ ብሰንኪ ውሽጣዊ ዘይብቕዓት ሓይልታቱ ክናዋሕ ዝተገደደ ሃገራዊ ሓርነታዊ ብረታዊ ተጋድለኦም፡ ብዙሓት ጀጋኑ ደቆም ክሰውኡን ክስንኩሉን፡ ብዙሓት ካብ መረበቶም ክፈናቐሉን ክስደዱን፡ ጉልበቶምን ጥሪቶምን ገንዘቦምን ንህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሰውሮኦም ከወፍዩን እንከለዉ፡ ነዚ ሕጂ ዝተረጋገጸ ተራ ሃገራዊ ነጻነት ንምርግጋጽ ኣይነበረን። እንታይ'ዳኣ ብነጻ ዝመስሎም ክዛረቡን ክጽሕፉን ክንቀሳቐሱን ብዝደለይዎ መልክዕ ክውደቡን፡ ብግዝኣተ ሕጊ እትመሓደር ሃገር ክትህልዎምን፡ ሃብትን ስልጣንን ብፍትሓውን ርትዓውን መንገዲ ዝመቓራሓሉ፡ ደሞክራስያዊ ሕብረ-ሰልፋዊ ስርዓት ክህልዎም'ዩ ነይሩ። በዚ ካኣ ናይ ውልቀ ዜጋታት ጥራሕ ዘይኮነስ ብዙሑነታዊ ኣከናውና ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ማእከሉ ዝገበረ፡ ናይ ብሄር፡ ሃይማኖትን ጾታን ወዘተ ማዕርነት ዝረጋገጸ ናይ ሂወት ድሕነትን ቅዋማዊ ውሕስነትን ዝረጋገጸላ፡ ሰላማዊ ደሞክራስያዊ ስርዓተ-ምሕደራ ክረጋገጸሎም እዩ ነይሩ እዚ ኩሉ ሰፍ ዘይብል መስዋእቲ ክከፍሉ ዝተገደዱ።

እዞም ኩሎም ፍትሓውን ደሞክራስያውን ሕቶታት እዚኣቶም ግን ካብ ባህሪ ህዝባዊ ግንባር /ስርዓት ህግደፍ/ ክርከቡ ዝኽእሉ ኣይነበሩን። ምኽንያቱ ህዝባዊ ግንባር ካብ መስርሕ ሃገራዊ ሓርነታዊ ብረታዊ ተጋድሎ እንከሎ ጀሚሩ፡ ውሽጣዊ ናይ ደሞክራስያዊ ምሕደራ ዘይነበሮ፡ ብትምክሕቲ ዝተላዕጠጠ ጃንዳዊ ኣመራርሓ ውድብ ስለ ዝነበረ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ፡ ኣብ ህዝብታት ኤርትራ ሓድሽ ደሞክራስያዊ ስርዓተ ምሕደራ ክኸተል ተፈጥርኡ ኣይፈቐደሉን። ስለ ዝኾነ ካኣ'ዩ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ መሰረታውያን ጸላእቲ ህዝብታት ኤርትራ፡ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ስርዓት ህግደፍን፡ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ንክብርን መሰልን ረብሓን ህዝብታት ኤርትራ ናብ ረብሐኦም ንምውዓልን፡ ናይ ሃገርና ልዕላውነትን ነጻነትን ንምግሃስን ዝተኣታተዉ ናይ ወጻኢ ሓይልታት፡ ንድሕረትን ድኽነትን መሰረት ዝኾነ ተረፍ-መረፍ መስፍናዊ ኣተሓሳስባን ባህልን ንምውጋድ'ዩ እንደገና እቲ ዘይተዓወተ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ ክቕጽል ግድን ዝኾነ።

እዘን ዓንድታት ናይ ደሞክራስን ሰላምን ሕብረተ-ሰብኣዊ ምዕባለን ዝኾና መርሆታት እዚኣተን፡ ብዘይምትግባረን፡ ኣብ ውሽጢ ርብዒ ዘመን ናይ ሓሳረ-መከራን ዘቤታዊ መግዛእቲ ስርዓት ዝተጐድኤ መላእ ውጹዕ ህዝብታት ኤርትራ ፖለቲኮ- ማሕበረ-ቁጠባዊ ሂወቱ ኣብ ምምራሕ ተጸጊሙ መጻኢ ዕድሉ ጸልሚቱ ናብ ስደት ከምርሕን ብዙሓት ሓደጋታት ከጋጥሞን ኮይኑ ኣዩ። ስለ ዝኾነ ካኣ  ህዝብታት ኤርትራ እዚ ናይ ርብዒ መግዛእቲ'ዚ ብውሽጣዊ ዘይቅሱን ሂወቱ ዝግለጽ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ምስ መላእ ጐረባብቲ ህዝብታት ሃገራትን ነዚ ኩነታት'ዚ ዘጋድድ ሽርሕታት እናፈጸመ ካብ ምትእትታዋትን ምትንኾላትን ዘየዕረፈ መዕነዊ ስርዓት ኮይኑ ምጽንሑን ምህላዉን ንሓደግኡ መሊኡ ዘኽብዶ እዩ ዝኾነ። እዚ ካኣ ብኣንጻሩ ከምቲ ስርዓት ህግደፍ ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕ ዝዝምረሉን ዝዋጥየሉን ናይ መኸተን ልምዓትን ዓመታት ዘይኮናስ ናይ ምብትታንን ወድቀትን ኮይነን እየን ሓሊፈን።

## ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!

ሎሚ መበል55 ዓመት ዝኸሪ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ከነብዕል እንከለና፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ መሪሕ ደሞክራስያዊ ውድብ ብዘይምርካቡ ኣብ መስርሕ ጉዕዝኡ ዘጋጠምዎ ዕንቅፋታት ሰፍ ዘይብል ዝተኸፍሎ መስዋእትን እናዘከርና፡ ቀንዲ ናይ እዋንና ዕማም ምውጋድ ስርዓት ህግደፍ ኮይኑ ናብ ሰላማዊ ደሞክራስያዊ ምስግጋር ስርዓት ንምብጻሕ ሓይልታት ደሞክራስዊ ተቓውሞን መላእ ውጹዕ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራን ብሓደ ኣንፈት ዝቃለስሉ መስርሕ ክንበጽሕ ሓደ ዓቢ ብደሆ ኮይኑ ዘሎ ክንሰግሮ ዕቱብ ጻዕርታት ዝሓተና ክንረበረበሉ ዘለና እዩ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስዊ ለውጢ ከም ዝሰፍሐ ናይ ቃልሲ ግንባር መጠን፡ ምስቲ ኩሉ ዘጋጠምዎ ዕንቅፍታት፡ ሕጂ'ውን ኣብ ምዕራዩን ምዕዋቱን፡ ናብ ካላኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምብጽሑን ዕቱብ ጻዕርታት ዝጥለበና ዘሎ እዩ።

ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ዝተፈላለዩ ሽነኻት ኣብ መመድረኹ ዝቀላቐሉ ሓደሽቲ ክስተታት ብምጥቃም ነዚ ኣብ ደምበ ደሞክራስያዊ ተቓውሞ ሓይልታት ዝኸሰት ዕንቅፋታት ከም ሓደ ሃጓፍ ተጠቒምካ ነቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት ከተግልልን ንነብስኻ መተካእታ ኴንካ ክትቀርብን ናይ ምድላይ ዝምባሌታት ህሉዋት'ኳ እንተኾኑ፡ እቲ ዝሐሸ ኣማራጺ ዝኾነ ሓይሊ፡ ነብሱ ሰሪዑ ምስ ዝመስልዎ ሓይልታት ክሰርሕ፡ ክሓብር እንተዘየሎ ካኣ ምስቲ ቅድሚኡ ዝጸንሐ ሓይልታት በብዓቕሙ ተላፊኑ ክሰርሕ ቅኑዕን ፍትሓውን እዩ ዝኸውን። ኣብ ምንጽጻግን ዘይሃናጺ ውድድርን እናኣተኻ ንበይንኻ ክትሰርሕ ምፍታን ግን ነቲ ጉዕዞ ሓጋዚ ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ሕሉፍ ተሞክሮታት ናይ ቃልስና ዘይምምሃር'ውን እዩ ዝኸውን። ስለዚ ኩሉ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለስ መምስ ዝህልዎ ኣፈላላይ ኣብ ዘዘራኽቦ ነጥብታት ሓቢሩ ክሰርሕ'ዩ እቲ ቅኑዕ መርሆ ናይ ቃልሲ ዝኸውን።

ኣብ መደምደምታ፡ ተረካቢ ሕድሪ ዝኾነ መንእሰይ ወለዶ፡ ብሰንኪ ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ሰርዓት ህግደፍ መጻኢ ዕድሉ ጸልሚቱ፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ተሰናኺሉ፡ ተስፋ ቆሪጹ ኣንፈቱ ተዛቢዑ፡ ሃገራዊ ናይ ቃልሲ ስምዒቱ ተዳኺሙ መዓልቲ-መዓልቲ ናብ ስደት ዝውሕዝ ዘሎ ይኹን፡ ምሁር ክፍሊ ሕብረተ-ሰብናን፡ ፍርቂ-ኣካል ሕብረተ-ሰብና ዝኾና ደቀ-ኣነስትዮን ካብዚ ልዕሊ ፈርቂ ዘመን ዝወሰደ ናይ ቃልሲ ተሞክሮታትና'ዚ እኹል ትምህርቲ ቀሲሞም፡ ካብ ድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማት ተላቒቖም ንቑሕ ውደባን ኣፍልጦን ጨቢጦም ክቃለሱ በዚ ኣጋጣሚ ደ.ግ.ሓ.ኤ ይጽውዕ።

ዕላማታት ባሕቲ መስከረም ብደሞክራስያዊ ተጋድሎ ክዕወቱ እዮም!

ውድቀት ንምልካዊ ስርዓት ህግደፍ!

ክብርን ሞጎስን ንስዉኣትና!

ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ፡

(ደ.ግ.ሓ.ኤ)

ባሕቲ መስከረም 2016